ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን التحالف الديمقراطي الأرتري

**ERITREAN DEMOCRATIC ALLIANCE**

Our ref.No. ____________ Date ____________

Your ref.No. ____________

## ጋዜጣዊ መግለጺ

## ብዛዕባ ኣብ መንጎ ኣሕዋት ሶማላውያን ዝተበጸሐ ስምምዕ ብዝምልከት

ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ኣብ ሶማል ኽኸይድ ዝጸነሐን ዘሎን ምዕባሌታት ብልዑል ተገዳስነት ክከታተሎ ከም ዝጸንሐ ዝፍለጥ እዩ። ብፍላይ ከኣ ብዛዕባቲ ዝድሓረ ኣብ መንጎ መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማሊያን ኣብ መንጎ ብመርሕነት ሸኽ ሸሪፍ ሸኽ ኣሕመድ ዝምራሕ ናይ ሶማላውያን ናይ ተቓወሞ ምሕዝነታዊ ሓይሊ ኣብ ትሕቲ ናይ ሕቡራት መንግስታትን ናይ ማሕበር ሃገራት ዓረብን ኣብ ናይ ሃገረ ሶማልን ህዝባን ብተገዳስነት ፍታሕ ክርከብ ዝጽዕራ ሃገራትን ነዚ ዝርርብ እዚ ዘተኣናገደት ፈታዊት ሃገር ጅቡትን ዝተሰለሰለ ልዝብ ብዕምቖት ተገንዘበት።

ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ኣብ ሃገሩ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ዞባና ሰላምን ምርግጋኣን ዲሞክራሲን ክህሉ ዝቃለስ ሓይሊ ከም ምኻኑ መጠን ነቲ ነዚ ንምርግጋጽ ኣብ ጅቡቲ ዝተበጽሐ ስምምዕ እንዳኣመጎሰ ንህዝቢ ሶማል ዮሃኑ ይገልጽ። እዚ ጸዓሪ እዚ ሽግር ሶማል ብፍትሓዊ መንገዲ ንምፍታሕ ናይ ሰለማዊ ኣገባብ መንገዲ ዝርርብ ምኽያዱ ንህዝቢ ሶማለ ካብ ረግርግ ናይ ዂናት ዓዘቅትን ንሱ ዘስዕቦ ዕንወትን ክድሕን'ዩ ዝገብሮ።

ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ክልቲኡ ኣብ ስምምዕ ዝበጸሐ ሸነኻት እዚ ዝተበጸሐ ሰምምዕ ንድለየት ህዝቢ ሶማል ሰላምን ርግኣትን ዘረጋግጽ ክኸውን ልዑል ሞንዩትና ንገለጽ::

ተወልደ ገ/ሰላሴ
ኣቦ መንበር ፈጻሚት ቤት ጸሕፈት
ኤርትራዊ ዲሞክራሳያዊ ኪዳን
12/06/2008